ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ጀርመን ም.ማ.

المجلس الوطني لل الاريتريين في ألمانيا

ZENTRALRAT DER ERITREER IN DEUTSCHLAND e.V.




## „መኸተ ኣንጻር ለበዳ ኮሮና ቫይረስ - ኤርትራውያን ኣብ ጀርመን“
## (ካልኣይ ዙር)

ለበዳ ኮሮና ቫይረስ፡ ብደረጃ ዓለም ኮነ ኣህጉርናን ከባቢናን፡ ናብ ኣዝዩ ሓደገኛ መጠን ይዓርግ ከምዘሎ፡ ኩሉ ሰብ ዕለታዊ ዝከታተሎ ዘሎ ፍጻሜ እዩ። ኣብ ሃገርና እውን ብተመሳሳሊ፡ እቲ ለበዳ ንብዙሕ ኣዋርሕ፡ ኣብ ዝተሓተ መጠን ጸኒሑ፡ ኣብዚ እዋንዚ፡ ብተዓጻጻፊ ቁጽሪ ናብ ዘሻቕል ደረጃ ክዓቢ ተራእዩ ኣሎ። ዕቱብ ምቁጽጻር እንተዘይተገይሩ ከኣ፡ ምስፍሕፋሕ ለበዳ ኮሮና ቫይራስ ብኣዝዩ ሓደገኛ ናህሪ ክዓቢ እዩ።

ናይዚ ቅንያት'ዚ ተርእዮ ፍሉይ ዝገብሮ ካልእ ኣሰካፊ ረቛሒ'ውን ኣሎ። ቅድሚ ሕጂ፡ እቲ ቫይራስ፡ ካብ ወጻኢ ሃገር ኣብ ዝመጹን ምስኣቶም ርክብ ኣብ ዝነበሮምን ሰባት ጥራይ ተሓጺሩ ጸኒሑ። እንተኾነ ኣብ ዝሓለፈ ግዜ፡ ለበዳ ኮሮና ቫይራስ ብሰላሕታ ናብ ኩለን ዞባታት ሃገርና - እንተላይ ገለ ገጠራት - ክልሕምን፡ ዝኾነ ናይ ጉዕዞ ታሪኽ ንዘይብሎም ዜጋታት ክለክፍን ጀሚሩ ኣሎ። እዚ እቲ ቫይራስ ኣብ ውሽጢ ሃገር ምእታውን ምስፍሕፍሕ ከምዝጀመረን ዝእምት እዩ። ምስዚ ሕጂ ተኸሲቱ ዘሎ ኣዝዩ ኣስካፊ ኩነታት እምበኣር፡ ንድሕነት ህዝቢን ሃገርን፡ ንኩሎም መምርሒታት መንግስቲ ብጥብቂ ምትግባርን ተሪር ስጉሚታት ምውሳድን ህጹጽን ዘየላቡን ጉዳይ ምዃኑ ንጹር ኢዩ።

ከምቲ ኣብ ቀዳሞት ኣዋርሕ ዝተራእየ፡ ኩሉ ዜጋ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ዝገበሮ ህዝባዊ ወፈራ ኣንጻር ኮቪድ-19 ኣብ ታሪኽ መኸተ ኤርትራውያን ኣብ ዲያስፖራ ብፍሉይ ዝረአ ኢዩ። ሕጂ እውን ነዚ ሕማም እዚ ናህሩ ኣብ ምግትኡ ኮነ፡ ንሓዋሩ ካብ ሃገር ክጠፍእ ኣብ ምግባሩ ተራ ዜጋታትና ኣብ ጀርመን እዋናውን ኣገዳስን ምዃኑ ዝሰሓት ኣይኮነን። ከምኡ ስለዝኾነ፡ ናህሪ ኮረና ክረአ ካብ ዝጀመረሉ እዋን ጀሚሩ ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ዝነብር ህዝብና ብውልቂ ይኹን ብሃገራዊ ውዳበታቱ ተበግሶ ክውሰድ ካብ ምትሕስሳብ ዓዲ ኣይወዓለን። በዚ ህዝባዊ ጠለብ መሰረት ሃገራዊ ሽማግለ ጀርመን ምስ ሃገራዊ ሽማግለ ከተማታት ብሓባር፡ ብውህደትን ብጥምረትን እነሆ ካብ ዕለት 01.02.2021 ጀሚሩ ካልኣይ ዙር „መኸተ ኣንጻር ለበዳ ኮቪድ-19 - ኤርትራውያን ኣብ ጀርመን“ የበግስ ኣሎ። እቲ ቀንዲ ዕላማ ኣብ ምርግጋጽ ክታበት ኢዩ። ሓደ ዜጋ ንኽንደይ ዜጋታት ክታበት ንኸረኽቡ ክሕግዝ ይኽእል፡ ኣብ ሕልናን ዓቕምን ዝግደፍ ኮይኑ፡ እዚ ተበግሶ እዚ ከምቲ ዝሓለፈ ሕጂ እውን በቲ መወዳደርቲ ዘይብሉ ሃገራውነት፡ ኒሕን ሓቦን ኣድማዒ ብዝኾነ መንገዲ ከምዝሰላሰልን ኣድማዒ ገንዘባዊ ድለባ ከምዘመዝግብን ዘይጠራጥር ምዃኑ ከይተዘንገዐ፡ ሃገራዊ ሽማግለ ኣብዚ ሰናይ ህዝባዊ ፕሮጀክት ኩሉ ዜጋ ክሳተፎ ብኽብሪ ይጽውዕ። ኩሉ ዜጋ እዚ ሓበሬታ እዚ ንክበጽሖ ምትሕብባር ናይ ኩሉ ዜጋ ኣገዳስነቱ ንጹር ስለዝኾነ፡ እዚ ሓበሬታ ኣብ ኩሉ ዜጋ ንኽበጽሕ ምትሕብባርኩም ከምዘይፍለየና እምነትና ኢዩ። ንተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ኣብ ከተማኹም ዝርከብ ሃገራዊ ሽማግለ ርክብ ክትገብሩ ነዘኻኽር።

ቅድሚ ኩሉ ጥዕናን ድሕነትን ዜጋታትና!
ህይወት ንምድሓን እጃምና ነበርክት!

ዓወት ንሓፋሽ!

ሃገራዊ ሽማግለ ጀርመን

ሓይሊ ዕማም
ፕሮጀክት „መኸተ ኣንጻር ለበዳ ኮሮና ቫይረስ - ኤርትራውያን ኣብ ጀርመን“

## „መኸተ ኣንጻር ለበዳ ኮሮና ቫይረስ - ኤርትራውያን ኣብ ጀርመን“ (ካልኣይ ዙር)

### ቅብሊት ንኽውሃብ ዘድሊ ሓበሬታ:-

1. ሙሉእ ስም ከፋሊ (ብፊደል ላቲን ይጽሓፍ)

ሀ, ከፍሊት ዝተገብረ ካብ ሓደ ሰብ ንላዕሊ ዝምልከት እንተኾይኑ:ቅዳሕ ብባንክ ገንዘብ ዝተማሓላለፈሉ መረጋገጺ ተተሓሒዙ እቲ ዝተገብረ ከፍሊት ናይ መን-መንን ከንደይን ምዃኑ ዝሕብር ጽሑፍ ንኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ በርሊን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ይስደድ።

**Botschaft des Staates Eritrea**
**Stavangerstraße 18**
**10439 Berlin**

2. ኣብቲ Verwendungszweck ዝብል ከምዚ ኣብ መርኣያ ተነጺሩ ዘሎ COVI19 (2) ኣብ ዘሎ ስዒቡ ቁጽሪ መንነት ይሰፍረሉ (እዚ ብወለንታዊ እዩ) ስዒቡ ኸኣ ናይ ትነብረሉ ከተማ ስም ይሰፍር።

3. ኣድራሻ ግድን ኣብቲ ናይ ባንክ መስደዲ ክጽሓፍ ኣለዎ።ብገለ ምኽንያት እንተዘይተገይሩ ግን ነቲ ብባንክ ዝተማሓላለፈሉ መረጋገጺ ብምትሕሓዝ ልክዕ ኣድራሻ ዝሕብር ጽሑፍ ኣቐዲሙ ተጠቒሱ ዘሎ ኣድራሻ ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ በርሊን ይስደድ።

ቁጽሪ ሕሳብ ባንክ:- **Botschaft Eritrea**
**IBAN: DE 14100701000310504600**

**መዘኻኸሪ**
ኣስማት ከሳብ ኣባሓን ብፊደል ላቲን ክጽሓፍ ኣለዎ።ቅብሊት ሓንሳብ ምስተቐርጸ ምስራዙ ናይ ገዛእ ርእሱ ጸገም ስለዘለዎ ኣብ ኣጻሓሕፋ ስምና ጥንቃቐ ከድሊ እዩ ።

ቅድሚ ኩሉ ጥዕናን ድሕነትን ዜጋታትና!
ህይወት ንምድሓን እጃምና ነበርክት!

ዓወት ንሓፋሽ!

ሃገራዊ ሽማግለ ጀርመን
ሓይሊ ዕማም
ፕሮጀክት „መኸተ ኣንጻር ለበዳ ኮቪድ-19 - ኤርትራውያን ኣብ ጀርመን“

ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ጀርመን ም.ማ.

المجلس الوطني لل الاريتريين في ألمانيا

ZENTRALRAT DER ERITREER IN DEUTSCHLAND e.V.

## „መኸተ ኣንጻር ለበዳ ኮሮና ቫይረስ - ኤርትራውያን ኣብ ጀርመን“
## (ካልኣይ ዙር)

### ሓበሬታ ናይ ገዛእ ርእሰን ቁጽሪ ሕሳብ ባንክ ከኸፍታ ንዘይክእላ ሃገራዊ ሽማግለ ከተማታት

ሓደ ሓደ ከተማታት ናይ ገዛእ-ርእሰን ቁጽሪ ሕሳብ ባንክ ከኸፍታ ከምዘይክእላ ሓቢረን ኣለዋ። ነዚ ፍታሕ ክኸውን ብማለት እዚ ኣተሓሒዝና ንሰደልኩም ዘለና ቅጥዒ ተዳልዩ ኣሎ፡ እዚ ግን ነተን ናይ ገዛእ-ርእሰን ቁጽሪ ሕሳብ ባንክ ከኸፍታ ዘይክእላ ከተማታት ጥራሕ እዩ ዝምልከተን ። እተን ዝተረፋ ከምቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ብመንገደን ኣኪበን ናብ ናብ ቁጽሪ ሕሳብ ባንክ ኤምባሲ ክልእኻ ነዘኻኽር እቲ ከማላእ ዝግብኦ ብመሰረት እዚ መምርሒ ከማላእ ብትሕትና ንላቦ።

ቅድሚ ኩሉ ጥዕናን ድሕነትን ዜጋታትና!

ህይወት ንምድሓን እጃምና ነበርክት!

ዓወት ንሓፋሽ!

ሃገራዊ ሽማግለ ጀርመን

ሓይሊ ዕማም
ፕሮጀክት „መኸተ ኣንጻር ለበዳ ኮሮና ቫይረስ - ኤርትራውያን ኣብ ጀርመን“

AMTSGERICHT WIESBADEN VR 7238 POSTFACH: 110117; 60036 Frankfurt IBAN: DE26500400480461731200

## Gemeinsam gegen COVID – 19 in Eritrea

Die gegenwärtige Pandemie mit Corona Virus konfrontiert Eritrea wie viele andere Länder mit bisher nicht gekannten Problemen. Die Zahl der in Eritrea positiv auf das Virus Getesteten (d.h. akut Infizierten) nimmt seit Wochen zu, mittlerweile hat Eritrea sieben Tote zu beklagen. Wie ihr den täglichen Nachrichten entnehmen könnt, kennt Corona keine Grenzen und macht auch vor Eritrea nicht Halt.

Die Corona-Pandemie fordert einen hohen Tribut und hat Auswirkungen auf alle Lebensbereiche. Darüber hinaus sind Menschen auf allen Ebenen der Gesellschaft gleichermaßen betroffen.

Durch die Pandemie sind die Gesundheitssysteme weltweit enormem Druck ausgesetzt. Es gilt, die Ausbreitung des Virus einzudämmen, die Infektionsrate zu senken und die Belastbarkeit der Gesundheitssysteme zu stärken.

Angesichts dieser Situation hat die eritreische Regierung eine Reihe von Maßnahmen beschlossen. Dazu gehören eine Stärkung des Gesundheitssystems, ein sehr erfolgreich verlaufender Ausbau von Intensivkapazitäten in den Krankenhäusern und Maßnahmen, die die Ausbreitung der Infektion verlangsamen sollen.

Bisher haben weltweit viele unser Land Eritrea unterstützt, um den Menschen ein Leben mit der Pandemie zu ermöglichen. Es ist bisher jedoch weltweit nicht gelungen, das Virus so weit einzudämmen, dass ein normales Leben wieder möglich ist.

Der Kern dieses Projektes ist es, unsere Bevölkerung mit dem notwendigen Impfstoff zu versorgen. Impfungen sind eine effektive Maßnahme, die Corona-Pandemie einzudämmen und sich selbst vor COVID-19 zu schützen. Das Ziel dieses Projektes ist es, die Bemühungen Eritreas allen Menschen in Eritrea einen Zugang zur Corona-Schutzimpfung anbieten zu können, zu unterstützen. Vorrangig denken wir hier auch an unsere ältere Generation, Eltern, Großeltern, über 80-jährige, die bei einer Infektion mit dem Corona-Virus besonders schwer erkranken und auch versterben. Dies können wir täglich auch hier in den Nachrichten verfolgen.

Der Zentralrat der Eritreer in Deutschland e. V. (ZRED e. V.) würde sich sehr freuen, wenn Du diese Kampagne ab dem 01.02.2021 unterstützen würdest, indem Du für uns spendest und auch Deine eigenen Freunde, Bekannten und Arbeitskollegen auf uns aufmerksam machst. ZRED e. V. weiß natürlich, dass manche Menschen nur ein schmales Budget haben. Aber schon ein kleiner Beitrag ist wertvoll und bringt uns unserem Ziel ein gutes Stück näher!

Für weitere Informationen könnt Ihr den ZRED e. V. in Eurer Stadt kontaktieren. Falls Ihr direkt spenden möchtet, nutzt die folgende Bankverbindung:
**Botschaft des Staates Eritrea Berlin, IBAN: DE 14 1007 0100 0310 504600**

Jetzt spenden um Leben zu retten!
Bleibt Gesund!
Awet N'hafash!

Zentralrat der Eritreer in Deutschland e. V. (ZRED e. V.)

Taskforce Deutschland der Kampagne
für die Menschen in Eritrea gegen COVID – 19

Zentralrat der Eritreer in Deutschland